እንቋዕ ናብ ኦዓዲ እንግሊዝ ብድሓን መጻኩም

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከመይ ገይርካ ደቅኻ ትዕቢ

North East Migration Partnership

(*ወላዲ ምኳን = ደቅኻ ንምዕባይ እትገብሮ ንጥፈታት)

ኩሉም ወለዲ ደቆም ውሑስነት ዘለዎ ናብራን ጥዕናን ዘለዎም ከምኡ ውን መጻኢኦም ብሩሁን ዕድል ዝመለኦን ክህልዎም እዮም ዝደልዩ። ግን ኣብ ሓድሽን ዘይፈልጥዎ ሃገር ምስ ኣተው ቡዙሕ ብድሆታት የጋጥሞም እዩ፤ ብስንኪ ናይታ ሃገር ፍልይ ዝበለ ሕግታትን ስርዓታትን ከምኡ ውን ቋንቋ። እዛ ውልዶ ቆጽሊ (ንእሽተይ ናይ ሓበሬታ ጽሕፍቲ) ድማ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ከመይ ገይርካ ደቅካ ትዕቢ ኣገዳሲ ሓበሬታ ክትህበኩም እያ። ብዛዕባ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ካሪክለም ወይ ናይ ትምህርቲ ስርዓት ድማ መብርሂ ክትህበኩም እያ። እዚ ድማ ንደቅኹም ናይ ምምሃር ዓቅሞምን መጻኢኦምን ንክትድግፍዎም ክትሕግዘኩም እያ። እቶም እንርእዮም ሕግታት ድማ ብዛዕባ ከመይ ገይርካ ንደቅካ ካብ ስነ ኣእምራውን ኣካላውን ማህሰይቲ ትሕልዎም ዝብል ኮይኑ ከም ሳዕቤኑ ድማ ብዛዕባ ተራ ናይ ወለዲ ኣብ ምቁጽጻርን ምቃጻዕን ደቆም ከመይ እዩ ክከውን ዘለዎ ዝብል ክከውን እዩ።.

እዚ ሓበሬታ ካብ ቅድሜኩም ዝነበሩ ሓተቲ ዑቅባ ዝተመርጸ እዩ። እዚ ማለት ንሶም እዚ ሓበሬታ ብኻ ኣቀዲምና ፈሊጥናዮ ነይርና ካብ ዝበልዎ እሞ ካልኦት ክፈልጥዎ ኣልዎም ካብ ዝበልዎ እዩ ተውጺኡ። ኣቀዲምካ ነዚ ምፍላጥ ኽፍጠሩ ንዝኽእሉ ሽግራት ምውጋድ ይሕግዝ። ምክንያቱ ናዓኻ/ኺ ኖርማል ወይ ደሓን እዩ ትብልዎ ነገር፤ ኣብዚ ዓዲ ዘይኖርማልን ወይ ዘይደሓን ክኸውን ስለ ዝኽእል።

ናብ ትምህርቲ ምኻድ

ኣብ ክሊ ዕድመ 5 ክሳብ 16 ዘለዎ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ናይ ምሉእ ግዜ ትምህርቲ ክጽመዱ ኣለዎም።ካብ ክሊ ዕድመ 16 ክሳብ 18 ዘለዉ ድማ ኣብ ዝኮን ትምህርቲ ወይ ስልጠና ናይ ሞያ ክኣትዎ ኣለዎም። ወለዲ ደቆም ኣብ ትምህርቲ ክም ዘኣትዉን ዝመላለሱን ክገብሩ ሓላፍነት ኣለዎም። ምርጫ ኣይኮነን ግድን እዩ።ካብ ትምህርቲ ምቡኳር ማለት ካብ ምምሃርን ምምዕባልን ምቡኳር ማለት እዩ። ኣብ ዝዛ ኮፍ ክብሉ ንደቅካ ክትሓድጎም ኣይትኽእለን ኢካ ብዘይ ብቀዕ ምኽንያትን ብዘይ ናይቲ ዝመሃረሉ ቤትምህርቲ ኣቀዲምካ ምሕባርን። ከምዚ ተዘይ ገይሮም፤ ወለዲ ክቅጽዑን ናብ ቤት ፍርዲ ክውሰዱን እዮም። ቤት ትምህርታት ንናይ ተማህሮ ኣብ ክላስ ተሳትፎ ብጥብቂ እዮም ዝከታተሉ ስለ ዝኮነ ድማ እንድሕር ቆልዓካ ኣብ ክላስ ዘይመጽእ ኮይኑ ናብ ትምህርቲ ሳዓት 8:30 ደዊልካ እቲ ምኽንያት ንግሮም።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ጠውቅ፡ https://www.gov.uk/browse/childcare-parenting/schools-education

ንደቅኻ ካብ ኣካላውን ስነ ኣእምራውን መጕዳእቲ ምሕላው

ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ግደ ናይ ዞባዊ ምምሕዳር ኣብ ናይ ሓደ ቆልዓ ሂወት ዝጻወቶ ካብቲ ናይ ዝመጻኽምሉ ሃገር ብጣዕሚ ዝተፈለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዙሓት ሰባት ናይ ዞባ ምምሕዳር ኣብ ናይ ሓደ ቆልዓ ሂወት ብጣዕሚ ብብዙሕ ሓይልን ስልጣንን ጣልቃ ክኣትዉ ይረከብዎም፤ ብፍላይ እኳ እቲ ቆልዓ ኣብ ሽግር ወዲቁ ኣሎ ኢሎም ምስ ዛኣምኑ። ወለዲ ሓላፍነት ኣልዎም ደቆም ኣብ ዉሑስ ዝኮነ ሂወትን ኩነታትን ክነብሩ ምግባር ፤ ኣብ ልዕሊ እዚ ውን ናይ ዞባ ምምሕዳር ሕጋዊ ሓላፍነት ኣልዎም ናይ ሓደ ኣብቲ ናቶም ዞባ ዝነበር ቆልዓ ኩነታቱን ድሕነቱን ከረጋግጹ። ናይ ጥዕና በጻሕቲ፤መማህራን፤ናይ ሶሻል ሰራሕተኛታት፤ ናይቲ ዞባ ቆንስልን ፖሊስን ዓቢ ተራ እዮም ዝጻወቱ ኣብ ምልላይን ምሕጋዝን ናይ ሓደ ኣብ ሽግር ክወድቅ ተኽእሎ ዘልዎ ቆልዓ። ንሳቶም ብቀረባ ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ዝወርድ ዓመጽን ሽለልትነትን ይካታተሉ። ክም ንኣብነት መግለጺ ዘይበሉ መቁሰልቲ ኣብ ኣካላቶም፤ ስነ ኣእመራዊ ጸቅጢ፤ ጽሩይ ዘይሙኳን፤ ምጥማይ ወይ በይናም ብዘይ ኣላዩ ምግዳፍ ንዝኣመሰሉ። እንድሕር ናይ ጥዕና በጻሕቲ ወይ መማህራን ወይ ዝኮነ ካልእ ጉዳስ ሰብ ጥርዓን ኣቅሪቦም ናብ ፖሊስ ወይ ሶሻል ሰራሕተኛ ፤ ብዛዕባ ናይቲ ቆልዓ ኩነታትን ጥዕናን ክም ሳዕቤኑ ምጽራይ ክግበር እዩ። ምስ ወለዲ ክይዶም ክዛራረቡ እዮም ክቅየር ዝግብኦ ነገር ተሎ ድማ እንታይ ምኳኑ ኣለልዮም ክዛራረቡሉ እዮም፤ መታን ትሽግር ክይቅጽል።እንድሕር ግን ዋላ እቲ ዝግበር ተገብሩ እቲ ሽግር ክቅጽል እዩ ኢሎም እንተ ኣሚኖም ሕጋዊ ስልጣን ኣለዎም፤ ነቲ ቆልዓ ካብ

ወለዱ ወሲዶም ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ናይ ቆንስል ክእትውዎ።

ስለዚ ንቆልዑ ካብ ዓመጽን ሽለል ምባልን ዝሕሉ ሕግታት ናይ ዓዲ እንግሊዝ ጽልዋታቱ ክሳብ ወለዲ ከመይ ገይሮም ንደቆም ብቀረባ ይቋጻጸርዎምን ስነ ስርዓት የትሕዝዎምን ኣለዉ ንዝብል እዩ ዝካታተል።

ከመይ ገይርካ ደቅኻ ትቋጻጸር

እንድሕር ወለዲ ንደቆም ከም ዝግባእ ገይሮም ክቋጻጸርዎም ዘይኪኢሎም እሞ እዚ ድማ ንደቆም ኣብ ሕማቅ ነገር የብጽሖም ተሎ፤ እዞም ወለዲ ምስ ሽለልተኛታት ወይ ዘይጉድሳት እዮም ዝቁጽሩ። ግቡእ ምቁጽጻር ዘይግበረሉ ቆልዑ ንኣብነት ኣብ ሕማቅ ነገር ኽኣትዉ ይኽእሉ እዮም። ምክንያቱ ሓደጋ እንታይ ምኳኑ ኣየለልዩን እዩም። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኽመይ ገይሮም ካብቲ ሓደጋ ከምዝእለዩ ወይ እንታይ ይገብሩ ኣይፈልጡን እዮም። ሃገራዊ መምርሒታት ናይዛ ሃገር ከም ዝብሎ ንኣሽቱ ቆልዕትን ህጻናትናትን ንበይኖም ክሕደጉ የብሎምን ዋላ ንዓ5 ደቂቅ። ትሕቲ 12 ዓመት ዝኮኑ ቆልዑት እኩላት ኣይኮኑን ንበይኖም ክትሓድጎም ፤ወይ ምስ ካልኦት ካብኦም ዝንእሹ ቆልዑ ምሕዳግ፤ ወይ ብዘይ ናይ ዓበይቲ ኣላይነት መግቢ ክሰርሑ ምሕዳግ ኣይግባእን። ትሕቲ 16 ዓመት ዝኮኑ ቆልዑ ንሕድሮ ወይ ንሓደ ለይቲ ንበይኖም ክኾኑ ክሕደጉ የብሎምን። ሕጊ ብልክዕ ኣብየናይ ዕድመ ኢካ ሓደ ቆልዓ በይኑ ትሓድግ ንዝብል ብንጹር ዝሰፈረ ጽሑፍ የሎን። ምክንያቱ ቆልዑ ኣብ ዝተፋላለየ እበረታት ናይ ዕድመ እዮም ብጽሕና ዘርክቦም ስለ ዝብል።

ስለዚ ሓደ ወላዲ ናይ ደቁ ብጽሕና ኣብ ግምት የእትዩ ንዕኦም ኣብ ሽግር ክውድቆም ዝኽእል ነገር ተሎ ክኣልየሎም ኣለዎ። ክም ንኣብነት በላሕቲ ነገራት ክምኒ ካራ፤ክፉት ፍኒስት። ምክንያቱ ቆልዓ ብእኡ ተቀልቂሉ ክጸድፈሉ ስለ ዝኽእል፤ ክምኡ ውን ኣብ ናይ ህጹጽ ግዜ እዋን እንታይ ክገብሩ ክም ዝግብኦም ክፍልጥዎም ኣልዎም።

ንኣሽቱ ቆልዑ ኣብ ደገ ወጺኦም ክጸወቱ ክለዉ ምቁጽጻር ክግበረሎም ኣለዎም። ክም ንኣብነት ኣብ ፓርክ ወይ መናፈሲ ቦታ። ናይ መባእታ ቤት ትምህርታት ወለዲ ንደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ክመጹ ክለዉ ክሰንይዎምን ክምለሱ ክለዉ ክወስድዎምን ክምዘልዎም ሓላፍነት ክም ዘልዎም ክፈልጡ ተስፋ ይገብራሎም። ነፍሲ ወከፍ ናይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ናተን ፖሊሲ ወይ መምርሒ ኣለወን፤ መዓስ ሓደ ቆልዓ በይኑ ብዘይ ዘሰንዮ ካልእ ዓቢ ሰብ ክመጽእ ይክእል ንዝበል። ነታ ቤት ምህርቲ ክትሕብራ ኣሎካ እንድሕር ካልእ ሰብ ንደቅኻ ካብ ትምህርቲ ክወስዶም መደብ ገይርካ ተኮይንካ። ምክንያቱ ዝኮነት ቤት ትምህርቲ ንዝኮነ ቆልዓ ምስ ጋሻ ሰብ ክኸይድ ሰለ ዘይትፈቅድ።

እዚ ክሉ ምስ ኣብ ሃገርካ ዘሎ ቅቡል ዝባሃል ነገራት ዝጋራጭ ክከውን ይክእለ እዩ፤ ማለት ክም ንኣብነት ቆልዑት ኣብ ዓድካ ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ሓላፍነት ዝስከሙ ተኮይኖም። ስለ ዝኮነዩ ድማ ነዚ ፍልይ ዝብል መገድታትና ክትርድኦን ሳዕቤናቱ ክም ወላዲ መጠን እንታይ ምኳኑ ክትፈልጦን ዘለካ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ርኤ፡ https://www.nspcc.org.uk/keeping-children-safe/

ደቅኻ ምቅጻዕ

ከምተን ካልኦት ሃገራት ኣብ ዓለምና ዘለዋ ብዛዕባ እካላዊ ማህረምቲ ተጠቂምካ ንቆልዓ ስነ ስራዓት ምትሓዝ ንኣብነት ምጽፋዕ ወይ ምጭልጋም ዘሎ ኣራኣእያ ምስ ግዜ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ውን ተለውጡ እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ክም ጎዳእን ዓመጽን እዩ ዝርኣ። እታ ዝቀለለት ክትፍለጥ ዘለዋ መልእክትና እምባኣር እዚኣ እያ፡- ***ወለዲ ንደቆም መታን ክቀጻዕዎም ኢሎም ዝኮነ ኣካላዊ መቅጻዕቲ ከውርድሎም ወይ ምፍርራሕ ክንብርሎም የብሎምን።***

ዝኮነ ዓይነት መቅጻዕቲ ነቲ ቆልዓ ስምብራት፤ መቅያሕቲ ናይ ቆርበት፤ መቁሰልቲ፤ ምሕንጣጥ፤ ምሕራድን ከውርደሉ የብሉን።

ናይቲ ዞባ ምምሕዳር ንዝኮነ ጥራዓን ብዛዕባ ናይ ቆልዓ ምህራም ዝመጾም ክጸርይ ሓላፍነት ኣለዎ።እንድሕር እቲ ቆልዓ ኣብ ሓደጋ ኣሎ ኢሎም ደምዲሞም ድማ፤ ካብ ወልዱ መንጢሎም ክወስድውምን ኣብ ናይ ቆንስል ኣልይነት ክእትውዎ እዮም።

ብፍላይኳ ማንካ ወይ ቁልፊ ወይ ጫማ ከም ናይ መቅጽዒ መሳርሒ እንድሕር ተጥቂሞም።

ስለዚ እንድሕር ቀደም ኣብ ኣካልዊ ማህረምቲ ብምውራድ ንደቅካ ኣቀጻዕ ተነይርካ፤ ሓገዝ ክትረክብ ትክእል ኢካ ከመይ ገይርካ ካልእ መገድታትን ኣማራጺታትን ክትጥቀም ከም ትክእል ዝሕጉዙካ፤ ክሳብ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዘለካሉ። ነቲ ቆንስል ናይ ዞባካ ቅልጡፍ ሓገዝ መታን ክህቡካ ክትሓቶም ትክእል ኢካ። ንሳቶም ድማ ገለ ኣገባባት ትምህርቲ ዝህቡን ወይ ድማ ከምዚ ኣብ ክንዲ ኣካላዊ መቅጻዕቲ ህያብ ምሃብን ምክላእን ዝመርከስ ዓይነት ኣቀጻጽዓ ክርእዩካ እዮም።

ብዙሕ ንወለዲ ዘስልጥንሉ ቤት ዕዮታት የካይዱ እዮም፤ ተተካኢሉ ውን ኣብ ገዛካ መጺኦም ነቲ ኣገባባት ከመይ ትጥቀመሉ ክርእዩካ ይክእሉ እዮም። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ መርበብ ሓበሬታ ጠውቅ፡ https://learning.nspcc.org.uk/ safeguarding-child-protection/early-help-early-intervention ከመኡ ውን ኣብ https://www.familylives.org.uk/advice/primary/ behaviour/positive-discipline/

ሓደ ክንዝንግዖ ዘይብልና ነገር ብንእስነቶም ከለዎ ስንባደ ዘጋጠሞም ቆልዑ፤ ንኣብነት ምርኣይ ውግእን ካብ ዓዶም ምውጻእን፤ ናይ ብሓቂ ስምዒታውያን ክገብሮም ይክእል እዩ። እዚ ድማ ናብ ብርቱዕን ሓያልን ጠባይ ከድህሎም ይክእል ክሳብ ንወልዶም ዘሸግርዎም። ዓቢይቲ ሰባት ውን ብፍርሕን ዓለቦካ ምስኣንን ክጽለዉ ይክእሉ እዮም። ብተወሳኺ ውን መልሲ ናይ ዐቅባ ዝሓተትዎ እንዳተጸበዩ ሻቅሎት ክኣትዎምን ክጭነቁን ይክእሉ'ዮም። ኣብዚ ናይ መልሲ ወይ ውሳኔ ዝጽበይሉ ግዜ ወልዲ ምስ ደቆም ኣብ ሓደ ዝ 24 ሳዓታት ብሓንሳብ ክወዕሉን ክሓድሩን ተክእሎ ኣሎ። አዚ ድማ ዘይድሊ ጥርዙ ዝሳሓተ ወጥሪ ክፈጥር ይክእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ወለዲ ቀልጢፎም ክሓርቁን ስጉምቲ ክወስድን ይክእሉ እዮም። ኣብ ከምዚ ናትካ ሂወት ዝሓልፉ ሰባት ዝህቡካ ምክሪ ተሎ ካብ ገዛ ክትወጽእን ምስቲ ከባቢካ ዘለዉ ሰባት ክትፋለጥን ገለ ገለ ዕዮታት ንጥፈታትን ክትገብር እዩ፤ መታን ንዝስማዓካ ጸቅጢ ከተጉድሎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብታ ትዋሃበካ ናይ እንቋዕ ብዳሓን መጻካ ባኮ በቲ ርኤ። ኣብ ናይ ስደተኛታት ናይ ሽርካና መርበብ ሓበሪታታት ኣብ ኢንተረንት ክትረክብ ተክእል ኢካ።

ብዛዕባ ንዶቆም ካብ ስንባደ ዘምጽኦ ሳዕቤን ሓገዝ ክረክቡ ወለዲ ንዘ ያንግ ማይንድስ ዝባሃል ናይ ነጻ ግን ምስጢርኩም ዘዕቅብ ናይ ሓገዝ ኣገልግሎት ክሓቱ ይክእሉ እዮም። ኣብዚ ረአ https://youngminds.org.uk/find-help/for-parents/parents-helpline/

ምስ ሶሻል ሰራሕተኛታትን ቤት ምህርትን ዝምድና ምህናጽ

ቤት ትምህርታት ዝኮነ ምልክታት ናይ ኣብ ልዕሊ ቆልዑ ዝወርድ ዓመጽን ዕሸሽ ምባልን ክከታትሉ ኣለዎም። መማህራን ድማ ዝኮነ ዘሻቅል ነገራት ኣብ እታ ማእከላይ ኮምፑተር ስይስተም ክምዝግብዎ ግብኡነት ኣለዎም። እቲ ቤት ምህርቲ ድማ ምስቶም ወለዲ ተራኪቦም ብዛዕባ እቲ ብተደጋጋግሚ ዘጋጥም ዘሎ ሽግራትን ሻቅሎቶምን ይዝትዩ። ብከምዚ ደማ መፍትሒ ይደልይሉ። እንድሕር ወለዲ ይሽገሩ ኣልዮም ወይ ውን ናቶም ግደ እንታይ ምኳኑ ኣብዚ ዓዲ እንግሊዝ ተዘይፈሊጦም፤ ሓገዝ ክሓቱ ይክእሉ እዮም። ንዕኦም እትሕግዝ ጋንታ ቆዊማ ከመይ ገይሮም ድጋፍ ይረክቡ ድማ ንድፊ ተውጽእ። እንድሕር እቶም ወለዲ ምስ ቤት ትምህርቲ ተዘይተራኪቦም ወይ ዝተውህቦም ድጋፍ ተዘይወሲዶም እታ ቤት ትምህርቲ ነቲ ጉዳይ ናብ ሶሻል ሰርሕተኛ ከማሓላልፎ እዩ።

ገለ ገለ ነገራት ቅጽበታዊ ዝኮነ ጥርዓን ወይ ሓበሬታ ካብ ትምህርቲ ብቀትታ ናብ ናይ ሶሻል ሰራሕተኛ ይግበር እዩ። ንኣብነት ከም ናይ ቆልዓ ዓመጽ ዝምልከቱ ነገራት። ሓደ ቆልዓ እንድሕር ኣደይ ሃሪማትኒ ኢሉ ወይ ውን ኣደይ ብማንካ ገይራ ክትሃርመኒ ኣፋራሪሕትኒ ተይሉ ወይ ውን ዝኮነ ስምብራት ናይ ማህረምቲ ተተረኪብሉ፤ እታ ቤት ትምህርቲ ሓላፍነት ኣለዋ ነዚ ነገር ናብ ናይ ሶሻል ሰርሕተኛ ጥርዓኑ ኹተቅርብ። ስለዚ'ዩ ድማ ብጣዕሚ ኣገዳሊ ዝኮነ ወለዲ ንቤትምህርቲ ውልዶም ሳዓት 8:30 ክድወሉ ዘለዎም፤ማለት ስለምንታይ ወዶም ወይ ጓሎም ስንምብራት ወይ መሃረምቲ ኣግጋጢምዎም ድማ ሸዐኡ ይገልጹ። ብቋንቋ እንግሊሽ ሓሳቦም ንምግላጽ ዘሸግሮም ተኮይኑ ድማ ሓገዝ ክሓቱ ይክእሉ እዮም ንካልእ ሰብ።

እቲ ናይ ሶሻል ሰርሕተኛ ድማ ነቶም ወልዲ ረኪቡ ከዛራርቦምን እንታይ ስጉምትታት ኣማራጺታትን ክውሰዱ ከመ ዝለዎምን ነቲ ናይ ቆላዓ ኣላይነት ኽምሓይሽሉ ዝክእሉ ነገርት ድማ ብሓባር ኮይኖም ክድህስሱ እዮም። መጀመርያ ከሰንብድ ይክእል ይከውን እዩ ግን እቲ ዝበለጸ እቲ ናይ ሶሻል ሰራሕተኛ ዝስምዖ ሻቁለትን ዝህበካ ምክሪን ምስማዕ እዩ።ንክትሰምዖ ልብኻ ክፈተሉ ዝኮነ ናዓካ ዘይተራእየካ ነገራት ነቲ ቆልዓ ኣብ ሽግር ዘውድቆ ክህሉ ይክእል ስለ ዝኮነ ተዛቲኩም ነቲ ፈውሲ ክትረክቡ ፈትኑ። ሐደ ካብኡ ለውጥታት ኣብ ሓደ ሓደ ትገብሮም ባሃርያት ክትገብር ከከውን ይኽእል እዩ። እንድሕር ወልዲ ትም ኢሎም ግን እቶም ናይ ሶሻል ሰራሕተኛታት ናይ ቆልዓ ምስላው ግብኦም ከገበሩ ኣይክእሉን እዮም፤ እሱ ድማ ካብ ነቲ ቆልዓ ውሕስ ምኳኑ ካብ ምፍላጥ ዝርከብ ዕጋበት እዩ። እንድሕር ምጽራይ ክገብሩ ዘይኪኢሎም ሽግራት ውን ከለልዩ ስለ ዘይክእሉ፤ ከም ሳዕቤኑ ድማ ነቲ ቆልዓ ካብ ወለዱ ክሕደግ ክጠልቡ ይክእሉ እዮም። እዚ ከጋጥም ዋላ ሓደ ድሌት ዘለዎ ሰብ የሎን፤ ግን ወለዲ እንድሕር ምትሕብባር ኣብዮም ወይ ለውጢ ምግባር እንተ ኣብዮም ፤ እቲ ጉዳይ ናብ ዘይተደለየ ሰሓቦ ጉተቶ ክዓርግ ይክእል እዩ።

ኣብ ሞንጎ ወለዲ ዘሎ ዝምድና

ባእሲ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን እቶም ቆልዑ ግዳይ ናይ ዕድመ ልክዕ ስነ ኣእምራዊ ጸቅጢ ይኾኑ። እንድሕር ወልዶም ንሕድሕዶም ዝዛረብዎ ናይ ምጽርራፍ ቃላት ወይ ዝገብርዎ ምትህርራም ተስሚዖምን ተርእዮምን ዋላ ኳ እቲ ጉዳይ ነዕኦም ኣብ ዕላማ ዘእተው ዋላ ተዘይኮነ ኣብ ኣእምርኦም ግን ኣሰር ይሓድግ እዩ። ጭብትታት መጽና እትታትን ከም ዝሕብርዎ ዘቤታዊ ኅነጽ ኣብ ሞንጎ ወለዲ ሰፍ ዘይበል ምነዳእቲ ኣብቶም ህጻናት ከውርድ ይክእል እዩ ብፍላይ እኳ ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ተጋጢምዎም። ኣብ ትምህርቲ ትኩራት ንከይኮኑ ይገበሮም ናይ ቅዛነትን ጸቅጥን ጭንቀትን ዘይንቡር ኣማጋግባን ተባኣስትን ዓመጽትን ግሉላትን ጠባያት ንክህልዎም ድማ የቃልዖም። ቆልዑ ምስ ዓበዩ ብናይ ዓመጽ ዝመላኦ ሂወት ክጽለዉ ዓቢ ተክእሎ ኣሎ ማለት ከም ግዳያትን ከም ዓመጽትን ክኾኑ ዘልዎ ተክእሎ ዓቢ እዩ። ዘቤታዊ ዓመጽ ኣንጻር ሕጊ ምካድ ማለት እዩ። እንድሕር ናብ ፖሊስ ወይ ናይ ሶሻል ሰራሕተኛ ብዛዕባ ዘቤታዊ ዓመጽ ጥራዓን ተመጺዖም እሞ ካኣ እታ ስድራ ቆልዓ ተለዎም ክልተ ውሳኔታት ከም መፍትሒ ክሕልፉ ይክእሉ እዮም እሱ ከኣ ወይ ሓደ ወላዲ ካብቲ ገዛ ክወጽእ ወይ እቶም ቆልዑ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ናይ መንግስቲ ክኣትዉ።

ምኽንሻብ ደቂ ንስትዮ

ንደቂንስትዮ ክኽንሸባ (Fe-male Genital Mutilation (FGM)) ክትውጥን ክትታሓባበርን ከተታባብዕን ወይ ናይ ምኽንሻብ ስርሒት ምፍጻምን ገበንን ዘይሕጋውን እዩ። እዚ ብዓይኒ ሕጊ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ንቆልዓ ከም ምዕማጽ እዩ ዝርአ። ምክንያቱ ኣብቲ ቆልዓ ንዕድመ ልክዕ ዝከውን ኣካላውን ስነ ኣእምራውን ማህሰይቲ ስለ ዘውርድ። ስለ ዝኮነ ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣቲካ ንi4 ዓመታት ኣብ ቤት ማሕቡስ ወይ ቤት ማእሰርቲ ክትኣቱ ትክእል ኢካ።

ቆልዕትን መኪናን

ንጥዕነኦም ምሕላው መታን ትሕቲ 18 ዓመት ቆልዓ ኣብ መኪና ተሎ ሽጋራ ምትካኽ ክልኩል እዩ። ህጻናትን ቆሉዑት ትሕቲ 12 ዓመትን ወይ ትሕቲ 125 ሰንቲሜተር ንውሓት ዘለዎም ኣብታ ግብእቲ ንዕኦም ዝተሓዛኣትሎም ኮፍ መበሊ ኣብ ውሽጢ'ታ ማኪና ኮፍ ክብሉ ኣልዎም። ብዘይካ ኣብ ፍሉይ እዋን ወይ ኣብ ግዜ ህጹጽ እዋን ተዘይኮይኑ ወይ ሓጺር ዘይሓሰብከሞ ጐዕዞ ወይ እቲ በዓል ታክሲ ናይ ቆልዓ ኮፍ መበሊ ተዘይቀርብልኩም ጥራይ።

ደቅኻ ብሕጊ ምእዙዛት ክኾኑ ምሕጋዝ

ወለዲ ሕጊ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ካብቲ ዝነበርዎ ሃገር ፍልይ ዝበለ ምኳኑ ንደቆም ክነግርዎም ሓላፍነት ኣለዎም። ንደቅካ ንኣብነት ትሕቲ ዕድመ 18 ሽጋራ ክስሕቡ ኮነ ኣልኮል ክሰትዩ ፍቁድ ኣይኮነን ኢልካ ትነግሮም። ዋላ ዓበይቲ ውን ተኮኑ ክገዝእሎም ፍቁድ ኣይኮኑን። ዝኮነ ሰብ ዕጸ ፋርስ ኸጥቀም ወይ ሒዙ ወይ ክሸይጥ ተተረኪቡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክም ዝኣትዉ ክፈልጡ ኣለዎም። ዋላ ውን ኣብ ሞንጎ ኮይኑ ከባጻጽሕ ዝፍትን። ምስ ዝኮነ ትሕቲ 16 ዓመት ዝኮነ ጾታ ወዲ ተባዕታይ ኮነ ጓል ንስተይቲ ስጋዊ ርክብ ምፍጻም ዘይሕጋዊ እዩ ዋላ ንሶም ፍቃደኛታት ይኩኑ። ሰጋዊ ርክብ ምስ ልዕሊ 16 ዓመት ድማ ብፍቃድ ናቶም ጥራይ ክከውን ኣለዎ። ብዘይፍቃዶም ምስ ዝከውን ክም ናይ ግብረስጋዊ መጥቃዕቲ ወይ ክም ዓመጽ እዩ ዝቁጸር። ናይዚ መቅጻዕቲ ድማ ክሳብ 15 ዓመት ኣብ ቤት ማሕቡስ ማእሰርቲ እዩ። ንኣሽቱ ሰባት ኣብ ክሊ ዕድመ 16 ክምርዓዉ ይክእሉ እዮም ፤ እንድሕር ናይ ወለዶም ፍቃድ ሂቦም፤ ተዘይኮነ ኣብ ክሊ ዕድመ 18።

ንደቅኻ ካብ ታህዲድ፤ ጽልእን ብኢንተርነት ዝግበር ዓመጽ ምሕላው

ንደቅኩም ብዛዕባ ዝኮነ ኣብ ትምህርቲ ካብ ካልኦት መማህርቶም ዘገጥሞዎም ነገራትን ባህርያትን ክዛረቡ ኣታባብዕዎም። እንድሕር ዝኮነ ዘሻቅልን ዘሰክፍን ጠባያን ካብ ካልእ ቆልዓ ንዕኦም ዕላማ ዝገበረ ኣካላውን ስነ ኣእምራውን መጥቃቲ ዘውርደሎም ተሎ እዚ ምስ ምድሃል ወይ ምስ ታህዲድ እዩ ዝቁጸር። እንድሕር ብሰንኪ ዓሌቶምን ሃይማኖቶምን ኮይኑ ዝወርዶም ዘሎ እዚ መጥቃዕቲ ምስ ጽልኢ እዩ ዝቁጽር። ክልቲኡ ዓይነት መጥቃዕቲ ንጥዕነኦም ጉድኣት ዘውርድ እዩ ጠጠው ድማ ክብል ኣለዎ። ንበይንካ ኮይንካ ነቲ ዘጥቅዕ ዘሎ ቆልዓ ክትረክቦ ወይ ምስ ወለዱ ክትራከብ ኣይትፈትን።

ነታ መምህር ናይ ክላሶም መጀመርያ ክትዛረብ ኣለካ፤ መታን ክፈለጡ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ናይ ታህዲድ፤ ድሕሪኡ እታ ቤት ምህርቲ እንታይ ስጉምትታት ክውስዱ ኣላዎም ይዛተዩ ክምኡ ካልእ ግዜ መታን ንኸየጋጥም።

ኩላተን ቤት ምህርታት ብዛዕባ ናይቶም ተማሃሮ ጠባይ ክመይ ክከውን ኣልዎ መምርሒ ኣለወን። ስለዚ ግዴታ ኣለወን ንደቅካ ክምቲ ዝግባኦ ምክንኻን ክግበረሉ። እንድሕር እቲ ዓመጽ ቀጺሉ ናይቲ ቤት ምህርቲ ሓላፊ ክትዛረቦ ሕተት። ካብዚ ሓሊፉ ውን ምስ ፖሊስ ክትዛረብ ትክእል ኢካ፤ ብፍላይኳ እንድሕር ብጣዕሚ ሓደገኛ ዝኮነ ዓመጽ ክም ስርቂ፤ ጎነጽ፤ምፍርራሕ፤ምግፋዕ ወይ ናይ ጽለኢ ገበን ወሪዱካ። ንዝያዳ ሓበሬታ ወለዲ ንደቆም ክመይ ገይሮም ካብ ታህዲድ ይሕልውዎም ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ መርበብ ሓበሬታ ጠውቅ፡
https://www.bullying.co.uk/bullying-at-school/advice-on-contacting-your -child-s-school-about-bullying/

ቆልዑት ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም እዮም ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኦንላየን ኣትዮም ፤ ነገራት ክመይ ይሰርሑ ቀልጢፎም ናይ ምሕዝ ተኽእሎ ዘጥርዩ። እዚ ብቴሎፎን ይኩን ብኮምፑተር ዓይነት ማሽናት። እዚ ድማ ንናይ ሳይበርነቲክስ ወይ ብኢንተርነታት ዝፍኖ ታህዲድ ኮነ ዓመጽ ክም ዝቃለዑ ይገበሮም። ክምኡ ውን ዘይድሊ ጎዳኢ ዝኮነ ጽሑፋትን ስእልታትን ቪድዮታትን ክርእዩ ይክእሉ። እዚ ንወለዶም ብጣዕሚ ሻቅሎት ክፈጥረሎም ይክእል እ። ብሰንኩ ድማ ኣብ ቄልዑ ናይ ስነ ኣእምራዊ ጸገማት ክም ብዓል ርእሰ ተኣማንነት ምጉዳል፤ርእሰ ምትሓት፤ጥዕናዊ ጸገም ዝኣመሰሉ ክውርደሎም ይክእል። ስለዚ ንውሉድካ ዘሻቅሎ ነገር ተሎ ምሳካ ንክዛተ ወይ ንክዛረብ ኣታባባዓዮ። ቡዙሓት ትካላት ኣለዋ ተግባራዊ ብዝኮነ መገዲ ክመይ ገይርካ ነዚ ሓደጋታት ክትኣልዮን ክትቋጻጸሮን ክምኡውን ክመይ ገይርካ ጥራዓን ተቅርብን ስጉምቲ ትወስድን ዝነገራ መታን ካልእ ግዜ ንኸየጋጥም። ኣብዚ ረኤ https://www.bullying.co.uk/cyberbullying/

ናይ ወለድን ናይ ደቆምን መሰል

እንድሕር ናይቲ ትነብርሉ ምምሕዳር ንድሕነት ደቅኩም ዝምልከት ምርመራ ተገይሩ፡ ክልቴኩም ወለድን ውልድኩምን መሰላት ኣለኩም።

ሰብ ሞያ ምስ ወለድን ደቆምን ክዛራረቡ እዮም። ንመጻኢ ዝምልከት እቲ ቆልዓ እንታይ ይጠልብ ኣሎ ክሓቱ ይክእሉ እዮም። ምክንያቱ እቲ ቆልዓ ንድሕነቱ ዝውሰን ዝኮነ ነገር ክፈልጥን ክስማዕን መሰል ስለ ዘለዎ።

ወለዲ ውን ኣስቶርጓሚ ክግበረሎም ክጠልቡ መሰል ኣለዎም መታን እንታይ እዩ እቲ ዝዋሃበም ዘሎ ሓበሬታ ብዝግባእ ኸፈልጡን ክምልሱን።

ንዝኮነ ዓይነት ሰንድ ወይ ዶኩመንት ምስተረዳእካዮን ሳዕቤኑ ምስ ፈለጥካዮን ጥራይ ፈርመሉ። ዝኮነ ናይ ምሕላው ጉዳይ ወይ ክሲ ተቀሪቡ ወለዲ ጠበቃ ገይሮም ክካትዑ መሰል ኣልዎም።

እዚ ጥበቃ ብነጻ ክዋሃበካ ይክእል እዩ እንድሕር ሓታት ዑቅባ ኮይናካ ናይ ሶሻል ሰራሕተኛታት ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ክህቡካ እዮም።

ብተወሳኺ ውን ካብቲ ኣብ ጥቃካ ዘሎ ንዜጋታት ብነጻ ምክሪ ዝህብ ትካል (Citizens Advice Bureau) ዝተባህለ ወገንነት ዘይብሉን ገጽ ዘየዳሉን ምስጢራዊን ማለት ንስካ ጥራይ ትፈልጦ ሓበሬታን ምክሪን ክልገሰልካ ክትሓትት ትክእል ኢካ ንጉዳይካ ዝምልከት።

LEGAL AID

ምሉእ ትሕዝቶ ናይዚ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ኣርእስታት ኣብ 'Parenting in the UK' ናይ ኦንላይን ትምህርቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ መሻርሕትና https://www.nemp.org.uk/ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኩም።